ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
መሪሕነት ባይቶ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
رئاسة المجلس

**Eritrean National Council for Democratic Change**
**Presidency of the Council**

## ጋዜጣዊ መግለጺ
## ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ

ምቛም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ውጽኢት ዕቱብ ገድላዊ ጻዕሪ ተቓለስቲ ኣካላቱ ዝመስረቱዎ ኮይኑ፡ ዕላማኡ ከኣ፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ዓቕምታት ዝጉስጉስሉን ንድለይቲ ለውጢ ኣብ ክሊ ሓደ ስፊሕ ሃገራዊ መድረኻዊ ጽላል ዝጥርነፍሉን፡ ንዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢን ምዕዋትን ዕማማቱ ውሑስ ንምግባርን ዝዓለመ’ዩ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ሞንጎ’ቶም ፖለቲካዊ ሓይልታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን መንእስያትን ደቂ-ኣንስተዮን ወከልቲ ህዝብን ዝሓቑፎ ሰፊሕ ሃገራዊ ሽርክነት መሰረት ብምግባር፡ ህላወኡን ቐጻልነቱን ገድላውን ሃገራውን ተደላይነት ዘሎዎ’ዩ። ስለ ዝኾነ ዕድመኡን ዕማማቱን፡ ብቦታን ግዜን ከይተሓጽረ ሃገራውን መድረኻውን ተደላይነት ዘሎዎ ጽላል’ዩ። ስለዚ ነቲ ተመስርቱሉ ዘሎ ዕላማታት ክሳብ ዝዕውት ድማ ዝቃለስ ዘሎ’ዩ።

ካብ’ዚ ተረዶኦ’ዚ ብምብጋስ፡ ባይቶ ብሓፈሻ ኣብ ሕሉፍ ጉዕዞኡ፡ ብፍላይ ከኣ ብድሕሪ’ቲ ኣብ ታሕሳስ 2014 ዝተኻየደ ህጹጽ ኣኼባኡ ዘጋጠመዎ ጸገማት ንምስጋርን ብዓቢኡ ከኣ፡ ንምምስራት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተኸፍለ ዋጋን ግዜን ኣብ ግምት ብምውሳድን ተደጋጋሚ ምምጣጥ ግዜ ክስዕቡ ዝኽእል ዘይምርዳእን ምናልባት ከኣ፡ ኩላትና እንሸክሞ ጾር ካብ’ቲ ከጋጥም ዝኽእል ዝኸፍኤ ምርጫ ባይቶ ምፍራስን ዘይተጨበጠ ካልእ ንዑኡ ዝተክእ ኣብ ምንዳይ ካብ ምኻድን ዘድሕን እንኮ ኣማራጺ ብምዃኑ፡ ካብ ክቡራት ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ምምጣጥ ግዜ ምክያድ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ጠለብና፦

1) እቲ ቀዳማይ ዝተወስደ ምምጣት ግዜ ኣብ ታሕሳስ 2015 ዝተወደአ ብስንኪ’ቶም ዘጋጥሙሽግራት ንምእላይ፡ ብተደጋጋሚ ብመሪሕነት ባይቶን ፖለቲካዊ ውድባትን ክገብሩ ዝጽንሑ ኣኼባታትን ዘተታትን ባይቶ ሓድነቱ ሓልዩ ንኸይድ ዝተወስደ ግዜ ብምንባሩ።
2) ሕጂ እውን ሓደ ካብ’ቲ ግዜ ዝድለየሉ ምኽንያት እቲ ክኸይድ ዝጸነሐ ጻዕርታት ብንጽል፣ ወይ ካእባዊ፣ ወይ እውን ብሓባር፡ ናይ ምቅርራብ ተቦጉሶታት ክወስዱ ዝኽእሉ ወገናት ክሳብ ምግባእ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ እቲ ጻዕርታት ቀጻሊ ክኸውን ዕድል ንምሃብ።
3) ወጻኢታት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምሽፋን ዝኽእል እኹል ግዜ መደባት ስለ ዘድሊ።
4) ዕማም ምስንዳእ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ብስንኪ ዘጋጥመ ጸገማትን ንምፍትሖም ዝተገበሩ ጻዕርታትን ብምሉእ ክሳለጥ ብዘይምኽኣሉ።
5) ዕዉት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምግባር፡ ኣብ ኣባላት ኣካላት ባይቶን ህዝብን ደገፍትን እኹል ምልዕዓል ግዜ ስለ ዘድሊ።

በዚ መሰረት፡ መሪሕነት ሃገራዊ ባይቶ ምስ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብምምኽኻር ካብ ባሕቲ ጥሪ 2016 ዝጅምር ክሳብ መወዳእታ ሓምለ 2016 ተወሳኺ ግዜ ምምጣጥ ጉባኤ ጠለበ። ከም ውጺኢቱ ድማ ብኣብዝሓ ልዕሊ 2/3 ድምጺ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፡ ነቲ ዝተደልየ ናይ ምምጣጥ ሓሳብ ደጊፎም።

በዚ ኣጋጣሚ’ዚ፡ መሪሕነት ሃገራዊ ባይቶ ኣብ ጉዕዞ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተሸከመቶ ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕን፡ እዚ ታሪኻዊ ሓላፍነት’ዚ ኣብ መንኮብ ኩሉ ዝተጸዓነ ምዃኑ ብምዝኽኻርን፡ ኣካላት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ናይ ምስረታኡ ሞጎስ’ኳ እንተሃለዎም፡ ናይ ህላወኡን ቀጻልነቱ ሕቶ፡ ናይ ኩሎም

ኤርትራውያን ሓለይቲ ምኟኑ የረጋግጽ። ከምኡ’ውን መሪሕነት ባይቶ ንሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ጨንፈራትን ዞባታትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ካኣ ብፍላይ፡ ንምዕዋት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ሞራላውን ማተርያላውን ምድግጋፍ ክገብሩ ይጽውዕ።

ኣብ መደምደምታ፡ መሪሕነት ሃገራዊ ባይቶ፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ንደሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝህብዎ ዝጸንሑን ዘለውን ደገፋት የመስግን። ከምኡ’ውን ንኩሎም ፍተውቲ ሰላምን ደሞክራስን ዝኾኑ ወገናት ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክድግፉ ይጽውዕ።

ዓወት ንደሞክራስያዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ!!
ዓወት ንኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ!!

ሓጅ ዓብደልኑር ሓጅ
ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ
30 ታሕሳስ 2015